# ቲቪ ኤረይ ዶ ቲቪ ድያብሎስ

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

መንዩ ተሐታቲ፡እቶም ኣብ ጎቦታት ሳሕል ዘገበልዎ፡ ዓዲ ምስ ኣተወ ኣንጊሆም ስልጣን ናይ ህዝቢ እዩ ዓገብ ክንዲ ዝብሉ ትም ምስ በሉ፡ከምቲ ንዝብኢ ምራኻት ሐሉ ምስ በልዎ ንበይነይ ምፍተተይ ኢሉ ዝበሃል።

መፍተተይ ኢሉ ውላድ ሰብዓ ንዝኣመነን ንዘይኣመነን ትሕቲ ጉድጓድ የስፍር። ሐደ ጅግና ከም ኣብራሃም ተኽለ ዝስጉድ ሲኢኑ፡ ብሙዑታት ሰራዊት ሐርነት ንኡሱራት ሰንበልን ዓዲ ኺላን ነጻ ምስ ኣውጽእዎም፡ ከም እኒ ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል ሐረስታት ናብ ተጋድሎ ሐርነት ኤረትራ ክስለፉ ከለዉ ፡ሃይለ ወልደስላስየ ማለት ድሩዕ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ወጸ። ብምርጩኡ ምስ ህዝባዊ ሐይልታት ክቃለስ ምስ መረጸ፡ ብታሕዳስ ፍሽኽ ምስ በለ ንመጀመርታ ግዜ ኣስናን ኢሰያስ ሪኢና ክብሉ ሰሚዔ። እወ ዝኣመንካዮ ከልቢ ኣይንከስካ ኮይኑ፡ምስ ብጾቱ ካብ ዝእሰሩ ዓመታት ኮይኑ እንሆ፡ ምስ ምንስተራቱ ቀሲኑ ምስ ደቂ ደቁ ይሰክር ይዓብድ ይስዕስዕ ኣሎ።

ቲቪ ኤረይ ዶ ቲቪ ድያብሎስ። ፋጥማ ኣለም ዓዋተ ኣብራሃም ዝተበጀውላ ሃገር። ንዕቀት ተዓዛዚርዎ ኣብ ርእሲ ከተማና ሐወልቲ ሩስያዊ ይተክል።ስለምንታይ ድዩ ከምዚ ዝበለ የማየ ገብረሜካኤል ባርያ ጅግና።ንሐዉ ገዲፉ ዝሐቁፍ ወዲ ጓና ፡ሪኢና ሲኢናዮ መቃለሲኢ ባይታና ትምክሕተኛ ወደቒ እዩ ኣብየት እወ ኣየርእየና። ቡሽክን እንታይ ዘተኣሳስር ኣለዎ ምስ ናይ 30 ዓመት ቃልስና፡ክንዲ ናይ ዋዕሮታትን ናይ ጀጋኑናን ሐወልቲ ምትካል፡ምስ ቅድሚ ሚእትን ሐምሳን ዓመት ዝጠፍኤ ሰብ ዘተኣሳስሮ ንታሪኽና።

ቡሽክን ዋላ ኤረትራዊ ይኹን፡ ብሽም ሩስያ ደኣ እንበር፡ ብሽም ኤረትራ ምእንቲ ህዝቢ ኤረትራ ጅግንነት ኣይፈጸመን።ምስ ካቢነ ምኒስተራቱን ጀነራላቱን ደስ ዝበሎም ይገብሩ ኣለዉ። ኣብ ሳሕል ብድሙ ድሙ ዓዲ ምስ ኣተዉ ብኣልኮል ዝደንዘዙ፡ ብበርበረ ዝዓጥኖም ከም ቆልዓ ብዓገብ ዝይብሉ ዘርባዕባዓ። እነሆ መን ኩንትራት ሂቡኒ እናለ ሃገርና ኤረትራ ምስ ህዝባ ን26 ዓመት፡ብዘይ ቅዋም ብዘይ ግዝኣተ ዝተኣሰሩ እግባይ ዘይብሉላ።ብሕጊ በረኻ ብግዝያዊ መንግስቲ ብጉጅለ ኣርዮስ ደም ትነብ ዕኣላ።

መንዩ ተሐታቲ እቲ ንዘይ መረጾ መራሒና ትእዛዙ ተቐቢሉ ክልተ ካብ ሚእቲ ዝኸፈለ ዝኸፈለት፡ኣሜን በሃልቲ እዮም ተሐተቲ።መራሒ ጉጅለ ህግደፍ ካብ ማዓስ ዩ ብነጻ ሕቶታት ናይ ህዝቢ ዝመለሰ። ሕንቅል ሕንቅሊተይ መራሒ ጭፍራን ጋዘጠኛታቱን።





ብሳንሱር ኣማኻሪኡ የማነ ሻርሊ ዝተፈረመ

ብኣቦ ወንበር ቲቪ ኤረ ኣሽመላሽ ዝተጠዓመ

ኣምስሉ ሕቶ ብልሳን ጋዘጠኛታቱ ዝተደገመ..

ኣካ ረኤናዮም ብኣልኮል ዝደንዘዙ ካቢነ
ኣሜን ኢሎም ዝቐበሉ ብኣርዮስ ዝተወሰነ
ደገፍ ኮነ ተቓውሞ ኣይሰማዕክሎም ኣነ
ኣፎም ዘይንቃሳቐስ ከም ጸማም ልሳን ዝሰኣነ..

ካቢነ ዘይሐረስዎ ዝበልዑ ከም ኣንበጣ
ካቢነ ማዓንጥኦም ብፍርሒ ተዋሒጣ
ሕልንኦም ኣብ ጎቦታት ሳሕል ተሸይጣ..

ብዘይ ዋዓልዎ ጀጋኑ ዝተቐጸሩ
ተጋዳላይ ዑቋር ማይ ክሰቲ ከም ጨራሩ
ኣብቲ ጽንኩር ግዜ እኳ ጸሞም ዘይሐደሩ
ምስ ኣእምሮኦም ከለዉ ዝደንቆሩ
ብሐደ ስብ ዝዝወሩ..

ዘይሐልፈላ ጭሩ መስከረም ትዓውር
ቸንቶ ኳትራ ስራሒቲ መስተንክር
ህዝቢ ኣስመራ ዓዲ ኟላ ይመስክር
ንስርዓት ደርጊ ዘእተዉሉ ዕግርግር..

መንዩ ተሐታቲ ኣሜን ዝበለ ከይመረጸ
ብምዑታት ሰራዊት ሐርነት ነጻ ምስ ወጸ
ሃይለ ወልደስላስየ ንቀታሊኡ ምስ መረጸ
ሹዑ ጉሒላ ዓላ ኣስናኑ ጫሕ ኣቢሉ ተገየጸ
ሕጂ ብላሽ ኣጽኒትዎም በብሐደ እንዳ ቆረጸ..

መራሒ ጭፍራ መን ከማይ በሃሊ
ዝቐደመ ቒስሊ በሰላ ናይ ትማሊ
ከይሐወየ ኣብ ልዕሊ ዝውስኽ ብቐጻሊ..

ብመስዋእቲ ደቃ ድሕሪ 30 ዓመት ኤረትራ
ብቀያሕትን ጸለምትን ጀጋኑ ምስ ኮነት ሐራ
ካብ ህዝቢ ሕቶታት ዘነብዎ ንመራሒ ጭፍራ..

ኣደታት ብዙሐት ወሊደን ንሜዳ ዝወረዱ
ኣሕዋትኩም ተጋድሎ ሐርነት ናበይ ከዱ

ስለ ዝበለ ዶክተ ያሲን ኣበራ ንሞት ተፈሪዱ..
ዓገብ ዝበሉ እንዳ ጸንሔ ኣጻዊዱ
ክንደይ ዓበይቲ ዘይጸነቱ ብትእዛዝ ቢኢዱ..

ጀጋኑ ኣቦታቶም ተሰዊኦም ብኹምራ
ንተቓውሞ ተማሃሮ ዩንቨርስቲ ኣስመራ
ብኮማንዶ ዕባይ ቤት ትህርቲ ሰውራ
ብበትር ተሰሃልዎኦም ኢሱ ውላድ ኣምሐራ..

ቀጺሉ ሕቶ ህዝባዊ ሰራዊት ንደሞክራሲ
ኣብ 94 ሕቶ ንስንኩላን ኩናት ብትኽሲ
ውጽኢት ሕቶኦም ፍርዲ ንሞት ኮይኑ ቲ መልሲ
ብጅግንነቶም ኮፍ ኢልዋ ዘይናቱ ኩርሲ..

ካብ ሚንስተር ጀነራላ ብኣልኮል ዝዘቕበበ
የዋህ ዩ ካብ ጉጅለ ኣርዮስ ለውጢ ዝጽበ
ብምስሌነታት ህግደፍ ከይትዕሸዉ ወርጠበ..

ወድን ከይሐምያ ሰበይቲ ወደን ይሐምያ
ኣብ ማእከላ ዘለዉ ዕንቅፋት እንተዘይኣልያ
ንድሕርት እንበር ንቕድሚት ዶ ተረኹቡ ጉያ
ትምክሕተኛ ትምበል ጭርሖ ኻ ስ ሰሚዔያ..

ካብ ጸባ ዘይተረኽበስ ካብ ማይ ጸባ
ኣፍካ ዝሃበካ ምዝራብ ግርም እባ
ካብ ዘላ ኣንበሳ ክሳብ ዶብ ቋሩራ እንባ ኩርባ
ካብ ኣስላም ክስታን ደሞ ም ዊሒዙ ኣብ ብሩባ..

ብቀጻሊ ክቃለስዩ ወጺኡ ዝብሉ ሰሚዔ
ዋዕሮ ጅግና ከምዘይ ፈረየ ናይ ኣደ ከስዔ
መንዩ ንተጋድሎ ሓርነት ኤረትራ ዝኸድዔ
ምስ ወያነ ማለሊት ኮይኑ ንህዝቢ ዘንበዔ
ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ቃልሲ ባርነት ዝጸውዔ..

ብልፍንቲ ግንባር ወያነ ኣይተሳዕረትን ተሐኤ
ብተልእኾ ኣንጊሁ ቃልስና ከዳ ኽም ዝወጽኤ
ትማሊ ነሩ ሎሚ ኣሎ ኣብ መንጎና ዝተሐብኤ
ስለዚ ዩ ተቃውሞ ደንበ ክሳብ ሎም ዘየድመዔ..

*ንሱዳን ሲዒቡ ንቐንጸልቲ ገንዘብ እንዳ ሃበ*
*ንጀጋኑና ኣጽነትዎም እግሪ እግሮም እንዳ ሰዓበ*
*ይኣኽለኩም ተባራበሩ ሕጂስ ተቓውሞ ደንበ*
*የምሕረሉ ዶ ንዝቐደመ ዝደሐረ ኣባና ዘዝገበ*
*ብንጽል ብጥርኑፍ ናቱ ሐቢኡ ብኣና እንተ ተዛረበ..*

*ንሜዳ ኤረትራ ንበይኑ ምስ በሐቶ*
*እዚ ከም ዝመጽ ስለ ዘይሰሐቶ*
*ሕድሪ ዘይጠለመ እነሆለ ይምክቶ*
*ታሪኽ ወለዶ ትምሊ ጽባሕ ይዝንቶ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረናሽዋት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይን**በ**ረልና*